Australian Government

Department of Home Affairs

# ፕሮግራም ምጥያስ ተሳትፎን ደገፍ ምስግጋርን (SETS)

## ብሰንኪ ኮቪድ-19 ለውጢታት ኣብ ኣገልግሎት

ኣብ እዋን ለበዳ ኮቢድ-19 ኣብ ትሕቲ ፕሮግራም ምጥያስ ተሳትፎን ደገፍ ምስግጋርን (SETS) ዝወሃብ ደገፍ ክቕጽል እዩ።
እንተኾነ ብመሰረት ወግዓዊ መምርሒታት ጥዕና እቲ ኣገባብ ምውሃብ ኣገልግሎት ክቕየር ይኽእል እዩ።

ኣብዚ እዋን ብዙሓት ወሃብቲ ኣገልግሎት ንዓማዊሎም ብተለፎን ወይ ብ ኦንላይን ተጠቒሞም ይሕግዝዎም ኣለዉ። ኣብ ገለ ኩነታት ህጹጽ ኩነታት እንተተደልዩ ወይውን ብ ኦንላይን ኣገልግሎት ክወሃብ ዘይከኣል እንተኾይኑ፡ ወሃብቲ ኣገልግሎት ምስ ዓማዊሎም ገጽ ንገጽ ብምርኻብ ክሕግዝዎም ይኽእሉ።

ጽቡቕ እንግዝኛ ዘይዛረቡ ዓማዊል ናይ ተለፎን ኣገልግሎት ምትርጓም ክረኽቡ ይኽእሉ እዮም።

ብዛዕባ **ኮቪድ-19 ን ምልከታቱን** ንምፍላጥ ኣብዚ መላግቦ ክጸንሓኩም እዩ።.

### ፕሮግራም SETS እንታይ እዩ?

ፕሮግራም ምጥያስ ተሳትፎን ደገፍ ምስግጋርን (SETS) ነቶም ዝግብኦም ስደተኛታት ንኽጣየሱ ዝሰርሕ ሃገራዊ ፕሮግራም እዩ። እቲ ፕሮግራም ማሕበራዊን ቁጠባዊን ተሳትፎ ዘማዕብል ከምኡውን ርክባት ማሕበረሰባት ክመሓየሽ ዝሕግዝ እዩ።

ኣብዚ ፕሮግራም ክልተ ክፋላት ኣለዉ:

- *ፕሮግራም ምጥያስ ተሳትፎን ደገፍ ምስግጋርን (SETS) – ናይ ዓማዊል ኣቕረብቲ ኣገልግሎታት* እዚ ምስ ምጥያስ ዝተኣሳሰር ሓበሬታ፡ ምኽሪ፡ ጥብቅናን ናብ ዝምልከቶም ኣገልግሎታት ንክቐርቡ ንዓማዊል ኣገልግሎት ዝህብ እዩ።
- *ፕሮግራም ምጥያስ ተሳትፎን ደገፍ ምስግጋርን (SETS) – ናይ ማሕበረሰብ ምህናጽ ዓቕሚ* ነቶም ሓደሽቲን ዝቕልቀሉ ዘለዉ ጉጅለታት ማሕበረሰብን ንማሕበረሰባት ዝሕግዙ ትካላትን፡ ኣብ ነዊሕ እዋን እወታዊ ዝኾነ ዉጺት ናይ ምጥያስ ንኽረጋገጽ ዝሕግዝ ክፋል መደብ እዩ።

### ፕሮግራም ምጥያስ ተሳትፎን ደገፍ ምስግጋርን (SETS) ዝህቦ ኣገልግሎታት እንታይ እዩ?

ናይ SETS ወሃብቲ ኣገልግሎት ሓበሬታ ብምሃብን ብዛዕባ ትምህርቲን ስልጠናን፡ ምስላጥ ፍልጠት እንግሊዝኛን፡ ናብ ኣገልግሎታት ቋንቋ ዝህቡ ኣብ ምቕራብን፡ ስራሕ፡ መንበሪ ገዛ፡ ጥዕናን ድሕነትን፡ ስድራቤታትን ማሕበራዊ ደገፍ፡ ትራንስፖርት፡ ሲቪካዊ ተሳትፎን ሕጋዊ ጉዳያትን ኣብዝበሉ ብዙሓት ኣገልግሎታት ደገፍ ዘቕርብ እዩ።

እቶም ንጥፈታት ብዙሓት እዮም ከም ኣብነት፡ ናይ ዕዮ ገዛ ክለባት፡ ናይ ምሕምባስ ክእለት ፕሮግራማት ስልጠና፡ ናይ ደቂ ኣንስዮ ጥዕናን ኣፍልጦን ጉጅለታት፡ ናይ ዝርርብ እንግሊዝኛ ልምምድ፡ ኣብ ኣውስትራሊያ ስራሕ ከመይ ከምትረክብ፡ ምምዕባል ዓቕሚ ኢንተርቪው ከም ኡውን መመልከቲ ስራሕ (ረዙመ) ከመይ ከምትጽሕፍ ምሕጋዝን ይርከብዎም።

ን ኣባላት ማሕበረሰብኩም ንምሕጋዝ ንጉጅለታት ማሕበረሰብን መራሕቲ ማሕበረሰባትንውን ሓገዝ የበርክት እዩ።

ወሃብቲ ኣገልግሎት ንባዕሎምውን ንዘለኩም ዝኾነ ጉዳይ ንኽትሕገዙ ናብ ካል ኦት ኣገልግሎታት ይመርሕኩም እዮም።

**ነዚ ኣገልግሎታት ንምርካብ ይግብኣኒዶ?**

ፕሮግራም ምጥያስ ተሳትፎን ደገፍ ምስግጋርን (SETS) - ንጥፈታት ናይ ዓሚል ኣገልግሎታት ንስደተኛታት ዝወሃብ ናብ ኣውስትራሊያ ካብ ዝኣተዉሉ ኣብተን ፈለማ ሓሙሽተ ዓመታት ነዞም ዝስዕቡ ክፋላት ኣገልግሎት ይወሃብ:

- ብሰብኣዊ መደብ ዝኣተዉ
- ትሑት ብቕዓት ቋንቋ እንግሊዝኛ ዘለዎም ብናይ ስድራ መስመር ዝኣትዉ ስደተኛታት
- ትሑት ብቕዓት ቋንቋ እንግሊዝኛ ዘለዎም ኣብ ገጠርን ዞባታትን ዝምርኮስ ብናይ ኪኢላ ቪዛ ዝመጹ ተሰደድቲ።
- ዝተመርጹ ናይ ግዚያዊ ነበርቲ (ብናይ መጻኢ መርዓን ናይ ግዚያዊ ናይ መጻምዲ ቪዛ ዘለዎምን ኣብኦም ዝጽግዑን) ኣብ ገጠራትን ዞባታትን ዝነብሩሞ ትሑት ቋንቋ እንግልዚኛ ዝፈልጡ።

ፕሮግራም ምጥያስ ተሳትፎን ደገፍ ምስግጋርን (SETS) – ምህናጽ ዓቕሚ ማሕበረሰብ ኣብ ሓደሽቲን ኣናዓበዩ ዝመጹ ፍሉያት ዓሌት ዓሊሙ ኣብ:

- ማሕበረሰባት፡ ናይ ማሕበረሰባት መራሕቲን ተወከልቲ ናይቶም ሓደሽቲ ዝቕልቀሉ ማሕበረሰባት ከምኡ'ውን
- ዉሑድ ናይ ትካላት ዓቕሚ ዘለዎም ትካላት

**ብዛዕባ ፕሮግራም ምጥያስ ተሳትፎን ደገፍ ምስግጋርን (SETS) ዝያዳ ሓበሬታ ብኸመይ ይርከብ?**

ኣብ ከባቢኹም ናይ ፕሮግራም ምጥያስ ተሳትፎን ደገፍ ምስግጋርን (SETS) ወሃቢ ኣገልግሎት ንምርካብ **ኣብዚ** መላግቦ ኣቲኹም ብምኽፋት ዝርዝር ወሃብቲ ኣገልግሎት ክትረኽቡ ኢኹም። ኣብ ከባቢኹም ዘሎ ወሃቢ ኣገልግሎት ምስፈለጥኩሞ፡ መርበብ ሓበሬታ (ውብሳይት) ናይቲ ወሃቢ ኣገልግሎት ኣብ ኢንተርኔት ኣቲኹም ርኸብዎ። ኣብቲ መርበብ ሓበሬታ ነቶም ናይ SETS ወሃብቲ ኣገልግሎት ብኸመይ ብጽቡቕ ክትረኽብዎም ከምትኽእሉ ኣብኡ ክጸንሓኩም እዩ።